elections alberta

# ኣብ ኣልበርታ ናይ ምርጫ መስርሕ
# ናይ ክፍለ ሃገራዊ ምርጫታት


## ትግርኛ

| | |
|---|---|
| English | English |
| French | Français |
| Blackfoot | Siksikatsipowahsin |
| Dene | Denesųłıne |
| Michif | Michif |
| Plains Cree | nehiyawak |
| Stoney/Nakoda/Sioux | Îethka |
| Woods Cree | Sakawiyniw pekikskweywin |
| Arabic | العربية |
| Chinese (Simplified) | 简体中文 |
| Chinese (Traditional) | 繁體中文 |
| Dutch | Nederlands |
| Farsi | فارسی |
| German | Deutsch |
| Hindi | हिंदी |
| Italian | Italiano |
| Korean | 한국어 |
| Polish | Polski |
| Punjabi | ਪੰਜਾਬੀ |
| Russian | Русский |
| Somali | Soomaali |
| Spanish | Español |
| Tagalog | Tagalog |
| **Tigrinya** | **ትግርኛ** |
| Ukrainian | Українська |
| Urdu | اردو |
| Vietnamese | Tiếng Việt |

## ብቕዓታት

### ንስኻ ከተማልኦም ዘለዉኻ ረቋሒታት፤








- ናይ ካናዳ ዜጋ
- 18+ ዓመት ዕድመን
- ናይ ኣልበርታ ተቐማጢ

## ምዝገባ

### ንኽትመርጽ፣ ክትምዝገብ ኣሎካ ኣቐዲምካ ወይ ኣብቲ ናይ ምርጫ ቦታ ኽትምዝገብ ትኽእል ኢኻ።

### *ኣማራጺ #1 - ኣቐዲምካ፤*





ብኦንላይን - [voterlink.ab.ca](voterlink.ab.ca)

ኣብቲ ናይ ኦንላይን ሲስተም ንኽትኣቱ ነቲ ናይ ኣልበርታ ናይ መዘወሪ ፍቓድ ወይ ናይ ኣልበርታ ናይ መንነት መለለዪ ካርድ ተጠቀም

ነዚ ናይ መንነት መለለዪ ካርድ እንተ ዘይብልካ፣ ናብ 1-877-422-8683 ደውል።

### *ኣማራጺ #2 - ኣብቲ ናይ መምረጺ ቦታ ምምራጽ፤*



ንኽትመርጽ ምስ ከድካ

ነዞም ዝስዕቡ ሓበሬታት ዘርእዩ ሰነዳት ከተርኢ ኣሎካ

- ሙሉእ ሕጋዊ ስምካን፣ እቲ
- ኣብዚ እዋን ናይ እትነብረሉ ኣድራሻ

ንኽተድምጽ ብቑዕ ከም ዝኾንካ ዝገልጽ ቅጺ’ውን ክትፍርም ኣሎካ።

እንታይ ዓይነት ናይ መንነት ወረቐት ክም እንቕበል ንኽትፈልጥ ንዝቕጽል ገጽ ተወከስ።

# መንነት መለለዪ

መንነትካ ንምርግጋጽ፣ እንተ ወሓደ ሓደ ብመንግስቲ-ዝተዋህበ ስእሊ ዘለዎ ናይ መንነት መለለዪ ከተርኢ ኣሎካ።

እዚ ዘይክኣል እንተ ኾይኑ፣ ኣብ ክንድኡ ክልተ ዓይነት ናይ መንነት መለለዪ ከተርኢ ኣሎካ እንተ ኾነ ግን፣ ብቑዕ ንምኳን፣ ክልቲኦን ሰነዳት ንሙሉእ ስምካን ሓደ ሰነድ ከኣ ንእዋናዊ መንበሪ ኣድራሻኻ ከእዩ ኣለዎም።

ዝኾነ ዓይነት ናይ መንነት መለለዪ እንተ ዘይብልካ፣ ካልእ ሰብ ክምስክረልካ ይኽእል እዩ። ብዛዕባ እዚ መስርሕ ሓበሬታ ንምርካብ ምሳና ተራኸብ።

## ስም ዘርእዩ ናይ መለለዪ መንነት ኣብነታት፤




ፓስፖርት





ናይ ሰራሕተኛ/ተምሃራይ መለለዪ መንነት

ናይ ባንክ ካርድ

ናይ ኣልበርታ ክንክን ጥዕና ካርድ

## ስምን ኣድራሻን ዘርእዩ ናይ መለለዪ ኣብነታት፣

ናይ ዩቲሊቲ ቢላት




ናይ ባንክ ስቴትመንት





ናይ መኪና ረጂስትረሽን

ሙሉእ ሊስታ ኣብ ኦንላይ ኣብ elections.ab.ca/voters/id-required-to-vote/ ይርከብ

# ናይ መምረጺ ኣማራጽታት

## ኣብ ናይ ምርጫ መዓልቲ




- ምርጫ ኣብቲ ከባቢኻ ኣብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ፣ ቤተ ክርስቲያን፣ ወይ ናይ ማሕበረኮማዊ ኣደራሽ እዩ ዝካየድ
- ኩሉ ናይ ምርጫ ቦታታት ካብ 9:00 am ክሳዕ 8:00 pm ተከፊቶም ይጸንሑ
- ኣብቲ ዝተመደበልካ ናይ መመረጺ ቦታ ጥራሕ ኢኻ ክትመርጽ ትኽእል

## ኣቐዲምካ ምምራጽ




- ምርጫ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ዝርከቡ ሞላት፣ ቤተ መጻሕፍቲ ወይ ዩኒቨርስቲታት ይካየዱ እዮም
- ዝበዝሑ ናይ መርጫ ቦታታት ኣብ መንጎ 9:00 am ን 8:00 pm ን ተኸፊቶም ይጸንሑ እዮም፣ እንተ ኾነ ግን ሰዓታት ክፈላለዩ ይኽእሉ እዮም
- ኣብ ንዝኻ ዝመረጽካዮ ዝኾነ ናይ ኣቐዲምካ መምረጺ ቦታ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ
- ካብ ሰሉስ ክሳዕ ቀዳም ኣብታ ቅድሚ ናይ ምርጫ መዓልቲ ኣቐዲማ ዘላ ሰሙን እዩ ዝካየድ

## ፉሉይ ምርጫ




- ምርጫ ኣብቲ ከባቢኻ ዝርከብ ናይ ምርጫ ቤት ጽሕፈት ወይ ብቡስጣ-ዝስደድ መመረጺ ወረቀት ክግበር ይክኣል እዩ
- ብኻልእ ኣማራጺ ክመርጹ ንዘይኽእሉ ሰባት ኩፉት እዩ
- ብቡስጣ ክመርጹ ዝደልዩ መራጾ ንናይ መምረጺ ወረቀቶም ኣቐዲሞም ክእዝዙ ይግባእ። እዚ ኽእ እቲ መስርሕ ግዜ ስለ ዝወስድ እዩ
- ነቲ ሰነድ ቅድሚ ናይ ምርጫ መዓልቲ ክመልሱዎ ኣለዎም
- ናይ ምርጫ ግዜ ድሕሪ ምጅማሩ ብኡ ንብኡ ጀሚርካ ክሳዕ ናይ ምርጫ መዓልቲ ክርከብ ይክእል (ናይ 28-መዓልትታት ግዜ)

ብቡስጣ-ዝስደድ ናይ መምረጺ ወረቀት ኣብ ኦንላይን elections.ab.ca ወይ ናብ 1-877-422-8683 ብምድዋል ክትሓትት ትኽእል

# ብኣካል ቀሪብካ ምምራጽ

## *ብኣካል ቀሪብካ ምምራጽ*

እቲ ናይ ምርጫ መስርሕ ነዞም ደረጃታት ይኽተል፤

1) ኣብቲ ቦታ ምስ በጻሕካ፣ ምስ ናይ ምርጫ ኦፊሰር ክትራኸብ ኢኻ፣ ንሱ ኸኣ ንምዝገባካ ከረጋግጽ እዩ

2) ድሮ ተመዝጊብክ ኣእንተ ኔርካ፣ እቲ ናይ ምርጫ ኦፊሰር ናብ ሓደ ኩፉት ናይ መምረጺ ነቑጣ ክመርሓካ እዩ

3) ናይ መምረጺ ወረቐትካ ንኽትቕበል፣ ንስምካን ኣድራሻኻን ንምርግጋጽ ዘኽእል ናይ ማንነት መረጋገጺ ከተቕርብ ኣሎካ

4) ናብ ድሕሪ እቲ ብሕታዊ ስክሪን ኺድ። ኣብቲ ናይ መምረጺ ወረቀት ናይ "X" ምልክት ግበር ወይ ኣብ ጎኒ እቲ ኽትመርጾ ዝደሊኻ ሕጹይ ንዘሎ ኽቢ ኣሕብረሉ።

5) ነቲ ናይ መምረጺ ወረቀት ናብቲ ናይ ምርጫ ኦፊሰር ምለስ፣ ኣብ ውሽጢ እቲ ናይ ምርጫ ባኮ ኣእቱ፣ እሞ ሓጎስካ ኣስተማቕር!

## *ጌጋ ጌይረ...*

ጌጋ እንተ ጌርካ፣ ምስ ነቲ ናይ መምረጺ ወረቐት ዝሃበካ ሰብ ተዘራረብ። ተተካኢ ናይ መምረጺ ወረቐት ክህቡኻ ይኽእሉ እዮም።

## *ሚስጥራዊነት*

ምርጫኻ ብሚስጥር እዩ ዝተሓዝ። ሓገዝ እንተ ዘየድልዩካ፣ ንመን ከም ዝመረጽካ ንማንም ኣይተርኢ። ነቲ ናይ ምርጫ ወረቐትካ ኣይትስኣሎ ወይ ኣብ ኢንተርኔት ኣይተውጽኣዮ።

ምዝገባ

↓

ናይ መንነት መለለዪ ካርድ ኣርኢ

↓

ናይ መምረጺ ወረቀትካ ተቀበል

↓

ምረጽ

↓

ደስ ውን ይበልካ

# ብቡስጣ ምድማጽ

## *ብቡስጣ ምድማጽ*

**ብቡስጣ ዝግበር ናይ ምርጫ መስርሕ ነዞም ደረጃታት ይኽተል፤**

**1)** **ናይ መምረጺ ሳንቃ ንምርካብ ኣቑድም ኣቢልካ ኣብ [elections.ab.ca](http://elections.ab.ca) ኣመልክት**

**2)** **ናይ መምረጺ ሳንቃኻ ብቡስጣ ተቀበል**

**3)** **ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ መምረጺ ወረቀት ንክትመርጾ ናይ ዝደሌኻ ሕጹይ ወይ ፓርቲ ስም ጽሓፍ**
***(ሕጹያት ኣብ [elections.ab.ca](http://elections.ab.ca) ይርከቡ)***

**4)** **ነቲ ናይ ኣዋጅ መግለጺ ቅጺ ምላን ፈርመሉን፣ ከምኡ ኣን ቅዳሕ ናይ መንነትካ ኣዳሉ**

**5)** **ነቲ ሳንቃ ንኽትመልሶ ኣዳሉ**

**6)** **ቅድሚ ናይ ምርጫ መዓልቲ ብቡስጣ ስደዶ**



**ናይ መድመጺ ወረቀት ንኽስደደልካ ኣመልክትን ተቀበለን**

↓

**ምረጽ**

↓

**ንቅጽታት ምላእን ምስ ናይ መንነት መለለዪ ኸኣ ኣሰንዮ**

↓


**ሳንቃ**

↓

**ብቡስጣ ስደዶ**


# ናይ ኣጠቓቕማ ተኽእሎታት

**ንኽትመርጽ ምእንቲ ኽትክእል ዝተፈላለዩ ኣማራጽታት ኣዳሊና ኣሎና፤**




### ንዘለካ ናይ መገልገሊ ናውቲ ሒዝካ ምጻእ

ነቶም ናይ ምርኣይ ጸገም ዘለዎም ነቲ ናይ መምረጺ ወረቀት ባዕሎም ኣብ ምንባብ ክሕግዙ ዝኽእሉ



### ካብ ጉቡእ ንላዕሊ ዕብይ ዝበለ ርሳስ

ነቶም ናይ ምትሓዝ ጸገም ዘለዎም ሰባት ንናይ መርጫ ወረቀት ብዘይ ጸገም ምልክት ክግብሩሉ ምእንቲ ክኽእሉ





### ንመራጺ ዝተዳለዉ መሐበሪ መስመራት

ነቶም ናይ ምርኣይ ጸገም ዘለዎም ንዘድልዮም ብሕታውነት ብዝሓለወ መገዲ ንምሕጋዝ



### ብኢት ዝትሓዙ መጉልሒታት

ናይ ምርኣይ ተኽእሎኦም ንዝነከየ ሰባት፣ ንጽሑፋት ብንጹር ንምኣይ ንክሕግዞም



### ማእረ ደረጃ ዘልውዎ ናይ መእተዊ ባይታ

ናብ መምረጺ ቦታ ናይ ምእታው ተኽእሎ ንምምሕያሽ



### ናይ መራጺ ሓጋዚ

ሓገዝ ንምሃብ ወይ እቲ መራጺ ካብ ዝኣምኖ ዓርኪ ሓገዝ ንምርካብ ምእንቲ ክኽእል

**Suite 100, 11510 Kingsway NW**
**Edmonton, Alberta   T5G 2Y5**

**ብናጻ-መደወሊ 310-0000 | ስልኪ፤ 1-877-422-VOTE (8683)**
**www.elections.ab.ca | info@elections.ab.ca**

2023